# ዜና 071023

## ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ትሕቲ ዘይርጉእ ሃዋህው ኣብ ኣስመራ ኣትዩ'ሎ።

ብሰንኪ ዝቐነየ ዘይርጉእ ናይ ጸጥታ ወጥሪ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝቐነየ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ቀዳም ምሸት ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ሓለዋ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ከም ዝተራእየ እሙናት ምንጭታት ካብ ሚኒስትሪ ዜና ሓቢሮም ክብል ባውዛ ካብ ኣስመራ ኣብ ዝሰደዶ ጸብጻብ ይሕብር።

ንሱ ኣብ መዓርፎ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ ግዜ ብስእሊ ናይ ዝተቐድሐ ሓበሬታታት ዲሒና ብዝተመሓላለፈ ትእዛዝ መሰረት ኣብ ፈነወ ቲቪ ኤሪ ከይዝርጋሕ ከም ዝተኸልከለ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ ክብል ንሱ የብርህ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ብሰንኪ ምህዳን ኣብ ጥርጠራ ናይ ዝጸንሑ መኮንናት ኩነታት ከተማ ኣስመራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተጸበበን እናኸፍኣን ይኸይድ ከም ዘሎ ይዛረብ።

## ግንባር ሓርነት ኦጋዴን 140 ወተሃደራት መንግስቲ ኢትዮጵያ ቐቲለ ይብል።

ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ግንባር ሓርነት ኦጋዴን 140 ወተሃደራት መንግስቲ ኢትዮጵያ ቐቲለ ኽብል ኣብ መግለጺኡ ይሕብር ክብል መርበብ ሓበሬታ ሶማሊ ኔት ይሕብር።

እቲ ናይ'ቲ ግንባር ኣብ መግለጺኡ፡እቲ ፍጻሜ ኣብ ዋርደሂር ዝተባህለ ካብ ርእሰ ኸተማ ኣዲስ ኣበባ 650 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ምኻኑ ብተወሳኺ እቲ ሃበሬታ የብርህ።